ሰራውር ህዝቢ ኤርትራ

ማስዋእቲ መግለጺ ልዑል መጠን ፍቕሪ ወሀብቱ ኩለንትና ዕምሪ ኣምሳያ ከይተጸበየ ዝወሃብ ናይ ሂወት ወፈያ፡ ዕላማ ሓፋሽ ከተገዮገስ ምውዳቕ ብግልጺ ክትርጉም ይከኣል። ሂወት ሓፋሽ ክጥጥዑ ምንባሩ ክምልክዕ ምእንቲ ንሂወትካ ኣብ መስርዕ መውትቲ ቀሪብካ ብምጽናሕ፡ ተራኻ ምስ በጽሐ ምንባር ምቕሪጽ'ውን ክበሃል ይከኣል። ምእንቲ ግዙፍን ጽፉፍን ዕላማ ካብ ደገ ህሉዋት ምእላይ ወሲኽካ፡ ማስዋእቲ ምእንቲ ሓቅን ፍትሕን፡ ክብረትን ናጽነትን ብኹርዓትን ንቕሓትን ምማት'ዩ ብምባል ክትርጉም ይከኣል።

ሰወኣትና፡ ንሞት ብሞት ሰዒሮም፡ ካብ ዝቐትል መግዛእቲ መዚሒቖም ኣብ ሸኻ ናጽነት ክንሰንድር ዝኾኑ ጸገይትን ፈረይትን ሓርነት'ዮም። ሞቶም፡ ተራ ሞት ኣይኮነን። ማስዋእቶም ንሞት ሰዒሩ ሂወት ዘቖብል፡ ሂወት ዘቖጽል፡ ትንሳኤ ዝዕድል ፍሉይ ሞት'ዩ። ሞቶም፡ ነተን ብመቓሕ መግዛእቲ ተኣሲረን ኣብ ናይ ማሕዩር ናብራ ተጓሒፈን ዝነበራ ሚልዮናት ነብሳት፡ ሓራ ኣውጺኡ ኣብ ማእከል ማይቤት ክብረት ክኡብራ ዝገበረ ዓቢ ሞት'ዩ። ሱር ሂወት ተረፍቲ ኤርትራውያን ኣብ መቓብር ሰማእታት ተጸፍዩ ይርከብ።

ሞት ሰማእታት፡ ጸንዓትን ንቕሓትን ዝሓወሰ ሞት ብምኳኑ ፍሉይነት ኣለዎ። ሰወኡ ካብ ዝኸሶ ዕላማ ቃልሲ፡ ሰድሪ'ውን ከይተፈንተተ፡ ስሩ ብንኽሱ፡ ኢዱ ብዮጭባጡ፡ ብዋረር ዓመጽ ተዘቢጡ ክሱብ ዝወድቕ ምንቅ ኣይበለን። ምረት ቃልሲ ብተማሳሰን ዘጃሰ፡ ንሕሞቕ ከም ጸቡቕ ውሒጡ መረረ በጨቕ ዘየቡሉ ካብ ዓይነት ሰብ እቲ ዝዖቀለ'ዩ። ጸንዓት ኣብ ማስመር መኸተ ሓይልኻን ንያትካን ከይጸንቀቐካ ከተትክል ምኽኣል'ዩ። ኣብ ቅድሚ ንውሓት ግዜ፡ ጸንከርነትን ነቡዳ ደሃያትን ተጉዚፉ ብደሃ እናደመጹ፡ ምጽዓድ ዘቐበጸ ጸንዑ ይበሃል። ሰማእታትና፡ ጓሎም ወይም ገጽ ጸላኢ እናረኣዩ ግንባርም ወይ ጎኖም ተወጊኦም እዮም ሓሊፎም።

ምንጪ ጸንዓት እምነት'ዩ። እቲ ዝኣመኑ ኣብ እምነቱ ተሰሪሑ ዘገብሮ ኑቲ ዝጸንከረ ኩነት፡ ቃል እምነቱ እናዘመረ ንኹሉልፎ ምስ ገጹ'ኑብሱ ዝመኸረ ሰብ ዝሰዕሮ የብሉን። ዓንዲ ማእከል ጸንዓት ሰወኣትና እምነት'ዩ። እምነት ኣብ'ቲ ቃልሲ፣ እምነት ኣብ መበሲ ቃልሲ፣ እምነት ኣብ ተረፍቲ፣ እምነት ኣብ መጻኢቲ። ከይኣመንካ ክትጸንዕ ኮነ ንማስዋእቲ ክትውፊ ዝከኣል ኣይኮነን። እምነት፡ ነቲ ብተሰፉ እንጸበዮ ነገር ከም እንረኽቦ ዘረጋግጽ፡ ነቲ ዘይረኣ ነገር ከኣ ከም ዘሎ ዘረድእ ኣንገቱ ዓወት'ዩ። ቅድምን ድሕርን ናጽነት ዝወደቑ ሰወኣትና እምነት ሰውራ፣ ኤርትራን ኤርትራውነትን ስለ ዝበርም ሞት ብቐመጡ እናፈለጡ ዝተፋጠጡ፣ ነብሶም ረጥረጦም ሃገር ክሓቕፉ ዝሓለፉ ልዕለ ፍጡራት እዮም። ሰማእታትና ከም'ቲ ከም ዘጽልልላ እናፈለጠ ገረብ ዝተኽል ሰብ ክምስሉ ይኽእሉ።

ሰማእታትና፡ ንብሰ ጥሕሎት ብህዝቦውነት ተኪኦም፣ ንብሶም - ኣብ ምስዮጊ ባህጊ ህዝቢ ወፍዮሞ። ሰማእታት ኤርትራ ንጣብ ኣቦር ዘይክጠራ ንጽህቲ ሕልና ሓዞም'ዮም ተሰዊኦም። ወድ-ሰብ ብንጽህና ካብ ዝፍጽሞም ተግባራት፡ ንሰማእትነት ዝዓርግ የለን። ሰወእ ንዝምስሰ ዓቢ ማስዋእቲ ሃሪፉ ኣይኮነን ዝሰዋእ። ማስዋእቲ ንጣዕምን ድሕነትን ህዝቢ ኢልካ'ምበር፡ ቃሕታ ግዜኡ-ነብሲ ንምርዋይ ዝፍጸም ተግባር ኣይኮነን።

ሰወኣትና ሞት ከም ሃንደበት ሀሩግ ኢላ ዘወሰደቶም፡ ወይ ካብ ሞት ክምልጡ ዘርከበቶም ወይ ድሕሪ ሞት ኣሎ ንዝበሃል ሂወት ሰማያት ሃሪፎም ወይ ኣብ ቅድሚኦም ዝተቐረበ ዕጫ ሞት ጥራይ ስለ ዝበረ ኣይኮኑን ብሂወት ምንባር ኣቋሪጾም። ኣብ መዝገብ ሰወኣት ኤርትራ፡ ብሀርፋን ንዋይ ተታኺሱ ንብረት ክምንዝዕ ዝወደቐ ሰወእ የለን። ብሀርፋን ስልጣን ተታኺሱ ማዕርግ ክዕድግ ዝወደቐ ሰወእ'ውን የለን። ሰወኣትና ኩሎም ኣብ ማስርሕ ድልያ ናጽነት ኮሳ ሓለዋ ናጽነት ማስዋእቲ ኪጋጥም ምዃኑ እናፈለጡ፡ ሓንቲ መገዲ ዝመረጹ፡ ንብሶም ብንቕሓት ዝቐበጹ መናናት'ዮም። ሰማእታት ኤርትራ፡ ገጽ መሬትን ህዝብን ኤርትራ ክታወሉ፡ ፍሩይ ሃገራዊ ዕላማ ብምሕንጋር ርሑቕ እናማዕደዉ ዝዘበጀዉ ተኣምረኛታት እዮም።

መብጽዓ፡ ንዝኣተኻዮ ቃል፡ ሰጋ ንምልባስ ሓላፍነት ከም ዘለካ ምግዛር ማለት'ዩ። መብጽዓ፡ ስሚዒታውን መንፈሳውን ዝኽሪ'ዩ። ንሕሉፍ ኣብ ኣልባ ዝኽሪ ብምሕቛን ጥራይ ዝዘረፍ ጠስሚ የለን። ሎሚ ሕሉፍ ክትዝክረላ ጥራይ ዝቖመት መዓልቲ ከም ዘይኮነት ክፍለጥ ይግባእ። ሕሉፍ ዘከርካ ዕዳ ሕሉፍ ክትከፍል ምንቃል'ዩ ሰብ ዝብል። ምብጻዕ ከኣ ቃል ዝሓለፉ ሓመድ ካሒፉ ብምልዓል፡ ባላ ግብሪ ዘቐንዕ ለበዋ ዘይዝንግዕ ንልክዕ ዝኾነ ሰብ ዝጠበቖ መግለጺ እንታይነት'ዩ። ንዝኽሪ ለበዋ ምስ ግብሪ ዘቖምጥዕ ብኹልትና ብቑዕ ዝኾ ሰቡ፡ ትካል፡ መንግስቲ፡ ምብጻዕ ይበሃል። ሕድሪ ዝተበሃልካዮ ክተጸግዕ ዘይምኽኣል፡ ሓደ ካብ'ቶም ፍሉያት ምልክታት ዘይምብቃዕ ተባሂሉ ክጥቀስ ይከኣል። ስለ'ዚ በዚ ዕለት "ዎ ሰማእታት፣ መብጽዓኹም ኣብ ልዕሊና ኣሎ፡ ኣብ ብርሃን ናጽነት ክመላለስ፣ ንኹሉና ካብ ሞት፡ ኹኣርና'ውን ካብ ውድቀት ኣድሒንኩመን ኢኹም" እናበልና ኣገልግሎትና ነቕርበሎም።

ለበዋ ተቐቢልካ ብግብሪ ዘይምትርጓም ጠላም የብሉ። ድሕሪ ሰወእ ተሪፍካ ቃሉ እናረገጽካ "መብጽዓ ኣሎና"፣ 'ሕድሪ ኣሎና' ምባል ኣብ ሜዳ ጥልመት ዝጽወት ቅጥፈት'ዩ። ልሳን ንመብጽዓ ክበልጽ ዘኽእል ብቑዓት የብላን። ስራሕ ኣፍ ኣውጺኡ ኩዓምጽ ምስ ጀመረ'ዩ መብጽዓ ዝግለጽ። ብርሃን ፍልጠት ዝውልዕ ቤት ትምህርቲ፡ ጥዕና ዝሕሉ ሕክምና፡ ህዝቢ ዝኸደሉ ጽርግያ፡ ጽሙእ ዝረወየሉ ማይ፡ ደብና ሰላም ዘርግኦ ጸጥታ፡ ፍትሕን ማዕርነትን ዘውጽእ ሕጊ፡ ሰወእ ከም ሰወእ ሓድጊ ሰወእ ከም ሓድጊ ሰወእ ምፍላጥን ዝኽሪ ምስራዕን ወዘተ እንተልዩም፡ ብልሳን ዝምላእ ጎደል ስለ ዘለ ዘርባ ኣየድልን።

ህዝቢ ኤርትራ፡ ንሰማእታቱ ብህዝባዊ ግንባር'ዩ ተፋሊጥዎም። ፈለማ እንግዶት ህዝባዊ ግንባር ንህዝቢ ኤርትራ፡ ሓለዋ እትደሊ ናጽነትን ዝኸርን ክብርን ዝዋሁበኦም ሰማእታትን እየን ነይረን። ኣብ 1992 ኣሰማት ናይ'ቶም ኣብ ገድሊ ንናጽነት ዝተሰውኡ ኣስታት 65,000 ሰማእታት ብመንገዲ ድምጺ ሓፋሽ ተነበበ። ፍልጥቲ ናጽነት፡ ብፍሉጣት ሰማእታት ከም ዝመጽኣት ዝሕብር ሰድ ጅግንነት ኣዳልዩ ንምስክር ዝኸውን ምስሊ ስወእ ቦታን ዕለትን ማስዋእቲ ዝሕብር ሰድ ጅግንነት፡ ንሓድጊ ሰወእ ሂቡ። ህዝባዊ ግንባር፡ ንኹሎም ኣብ ቃልሲ ንናጽነት ዝተረፉ ብዘይኣፈላላይ 'ሰወኣት' ኢሉ ብምምዕራዩ ወረጃ ፖለቲካዊ ሓይሊ ምዃኑ ኣመስኪሩ። ህዝባዊ ግንባር፡ ንኣሰማት ሰማእታትና ኣብ ዓንዲ ወርቂ ታሪኽን ሕልና ኤርትራውያንን ብምጽሓፉ፡ ነባሪ ሓወልቲ ዝኽሪ ሰሪሑ። 20 ሰነ እምበኣር ህዝቢ "ሰወኣትና ወትሩ ይዝከሩ" እናበለ ንሰማእታቱ ብምዝካር ኑብሱ ክገንሕን ክጽንዕን ዝውዕለላ ፍሉይቲ ዕለት'ያ።

መጠን ብዙሒ ዝተኸፍለ ማስዋእቲ ጸብጺብካ ንፍሲ-ወከፍ ስድሪ መሬት ኤርትራ ዓጽሙ-ስጋ ወይ ደም ሰወእ ነጢብዋ'ዩ። ኣብ ኤርትራ፡ ደም ዘይነጠበ ሓመድ-እምኒ ይህሉ'ዩ ኢልካ ክዘረብ ኣይክእልን'ዩ። እቲ "ኣሽንኳይ ሰድሪ መሬት፡ ዕማኾ ሓመድ'ውን ኣይንህበን" ዝበል ጭርሖና፡ ዚ ክውንነት'ዚ ንምግላጽ ዝተባህለ እዩ። ኣብዮት ጽሕፈትና፡ ትካላትና፡ መንበሪ ቤትና፡ ሕርሻና፡ ጽርግያና ወዘተ ኣብ ልዕሊ'ቲ ሰወኣትና ዘወደቑሉ መሬት ዝተተኸሉ ምዃኖም ዘዘንግዕ ወገን ክህሉ ኣይግባእን። ሰወኣትና ዘወደቑሉ ጎቦን ስንጭሮም ክንዝክር፣ ሰወእ ዘወደቑሉ ሩባ ክንክትር፣ ኣብ ልዕሊ መቓብር ሰወእ ቤት ትምህርትን ሕክምናን ክንሃንጽ፣ ሰወእ ዘወደቑሉ ኩርኳሕ ክንጸርግ፣ ቤት ሰወእ ሕፋር እምበር ደፋር ከይንገብሮ ንሓድሕድና ተቖናጢና ክንዓዱ ይግባእ።

ንሕና ከምታ ኣብ ሱርን ጉንደን ገረብ እትምርኮስ ቆጽሊ ኢና። ሱርናን ጉንድናን ከኣ ሰወኣት'ዮም። ንልምዓት ሂወትና ሓመድ ዝተደብዩ ሰወኣትና ሱር ትንፋስ ሂወትና እዮም። ውዕለት ሰወኣት እትርስዕ ዓይኒ ዝኽሪ ዝተደፍና ሂወት ብመውጋእቲ ቀስቲ ሕልና ምስንካል'ዩ ዕጫኣ። ዝኽሪ ንሰብ ምብጻዕ ብምግባር ሰብኣዊ ሚዛኑ ከርዝን እንከሎ፡ ምርሳዕ ከኣ ኩዓዕ ወይ ጠላም ብምግባር ሚዛንካ ዘፍኩስ ተግባር'ዩ።

ዝኽሪ መቓዚ ኣይኮነን። ዝኽሪ መቆጻጸሪ ምጣነ ኩሉንትና ሚዛን ነብሲ'ያ። ካብ ንፍጽቲ፡ ህጹት፡ ዝሕታለ ብምድሓን ዝተሰተኻኸለ ጉዕዞ ንኽህልወና ዝሕግዝ መሳርሒ'ዩ። ዝኽሪ ካብ ረሰዕቲ ብምንጋፍ ሚዛናውነት ትህብ። ሂወት ብዘይዝኽሪ ከም ውሕጅ ዝረኸቦ እናገፈጠት እትኸይድ ሽቡዓዕ'ያ ትኸውን። ዝኽሪ ነውርን ክብርን ዝፈሊ ናይ ሂወት መንፈት'ዩ። ኣብ ሎሚ የዕሩፉ ንሕሉፉ ቁሊሕ ዘይትብል ሂወት፡ ብሀርፋን ተደፊኣ ብገደል ስሕተት ካብ ምንክርራው ዓዲ ኣይትውዕልን እያ። ስለ'ዚ ነብስና መብጽዓ ሰማእታት ዘንጊዓ ሽቡዕዕ ከይትብል ብዝኽሪ ክንቀጽዓ፣ ፈንጺጋትና ከይትሃልል ከኣ ልጓም ኣጽኒዕና ክንሕዝ እዩ መልእኽቲ ናይ'ዚ ዕለት። 20 ሰነ ቁስልና ንብሕጅረሉ ዘይኮነ ሰንና ንኽስሉን ንደባብሱሉን ረዚን ዕለት'ዩ።

ስምኦን ወልደሚካኤል
ኮ/ጥ/ማ/ስ ዓዲ ቀይሕ

ትንፋስ ሰውእ

ኣብ ዙርያይ፡ ኩሉ ሰብ ደው ኢሉ
ጠሙተይ ናብ ሳዕሊ ቀው ኢሉ
ኣነውን ከም ሰብዩ
ኢደይ ሰቒለዮ ናብ ኣፍልበይ፣
እየም ሰዓት ብሓዲኑት
ድምጽም ምስ ሰመረ ኣብ ህርመት
ኣሻቢ . . .
ኣብ'ቲ ነዊሕ ዘንጊ፡ እታ ጥንዴራ
ኣንበልበለ . . .
ሻቡ ሓሰበ፡ እንታይ ከም ዘንቀሳ
"ንፋስ ደዩ ትንፋስ?"
መልሲ ወሸጢይ ሰማዐዮ. . .
"ዘንበልብላ
ባህሪ ዘይኮነ 'ቲ ንፋስ
ሂወት ሰውእ እዩ ትንፋስ"

ማሂሮን ተስፋ (ሸሮ)

ሰጋ ሰውኣት

ነብሱ በኻ ዘሕለፈ
ንሰ'ዚ ብርሃን
ንሱ ዝሓለፈ
ምንባር እናወጠጦ
ትርጉም ወላድ መውሰቦ
እናበሃን
ጸባሕ ዝመጽእ ተረዲኡ
ሎሚ ዝተሰወአ
ክምሕል'ዩ በቲ ጅግና
ክምሕልዩ በቲ ብጻይ
ክንድኡ'ኳ ተዘይከኦኹ
ክመጣጠር ናብኡ፣
በቲ ንሱ ዝፈጸሞ
መሰዋዕቲ-ኣልቦ
ምንባረይ ኣብ ግብሩ
ምኻኑ ፈሊጠ
ወገሑጸብሐ ንሰኡ ኣመስጊነ
ኣብ ኣሰር - ኣሰሩ
ከም ዘለኹ ንኽፈልጥ
በርሀ - ጸልመት
ብሕልና ተሰኒዩ
ክምሕል'የ ብስሙ
"ሲጋ ሰውእ - ሲጋ ሰውኣት"
ማሕላ ሰውእ - ማሕላ ሂወት

የኪፍ ደማስ - ደቀምሓረ